# ዕቑባ ኣብ እትሓተሉ እዋን

## ሓበሬታ ብዛዕባ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ

**እዚ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ንምንታይ ይወሃበካ ኣሎ?**
ንስኻ ኣብ ኔዘርላንድ ዕቑባ ንምርካብ ኣመልኪትካ ኣለኻ። ዕቑባ ማለት፡ ኣብ ሃገሮም ውሕስነት ዘይብሎም ሰባት ኣብ ካልእ ሃገር ድሕነት ምርካብ ማለት ኢዩ። ከምኡ እውን ኣብ ሃገሮም ድሕነት ክረኽቡ ዘይክእሉ።

ዕቑባ ንምርካብ ኣብ እተመልክትሉ እዋን፣ ንመንግስቲ ኔዘርላንድ ናይ መንበሪ ፍቓድ ንኽህበካ ብወግዒ ትሓትት ኣለኻ ማለት እዩ። ኣብ ኔዘርላንድ ንኽትነብር ንኽፍቀደልካ፣ እዚ ፍቓድ የድልየካ። ዕቑባ ድሕሪ ምምልካትካ እቲ መስርሕ ዕቑባ ይጅመር። እዚ መንግስቲ ኔዘርላንድ ናይ መንበሪ ፍቓድ ክትቅበል ምኽንካን ዘይምኽንካን ዝግምግመሉ ሕጋዊ መስርሕ ኢዩ።

ኣብዚ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ኣብ እዋን መስርሕ ዕቑባ እንታይ ከምዘጋጥም ከተንብብ ትኽእል ኢኻ። እንታይ ክትገብር ከምዘለካን (ግዴታታትካ)፣ ካብ መንግስቲ ኔዘርላንድ እንታይ ክትጽበይ ከም እትኽእልን (መሰላትካ) እውን ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።

# ኣየኖት ውድባት የጋጥማኻ?

ከም ትሕቲ ዕድመ ሓታቲ ዕቑባ፣ ብዘይ ወለዲ ወይ ካልኦት ንዓኻ ዝከናኸኑ ሰባት ዘይብልካ ናብ ኔዘርላንድ ምስ እትመጽእ፣ ብመሰረት ሕጊ ኔዘርላንድ ሞግዚት ክዋደደልካ ኣለዎ። ኣብ ኔዘርላንድ እቲ ብዛዕባ እዚ ዝነጥፍ ውድብ **Stichting Nidos** እዩ። Nidos ሞግዚትነትን፣ ንውልቆም ናይ ዝመጽኡ (ገለ ክፋል) ትሕቲ ዕድመ ስደተኛታት መዕቆቢን የዋድድ። ከምኡ እውን ኣብ ልዕለኻ ሞግዚትነት ንኽህልዎ ብወግዒ የመልክት። ብምቕጻል Stichting Nidos ንሓደ ካብ ሰራሕተኛታቱ ከም ተኸላኺሊ ንኡሳት ገይሩ ይሸመልካ። እዚ ሰብ እዚ ድማ ንዓኻ ኣብ ኔዘርላንድ ይኣልየካ። እቲ ተኸላኻሊ ንኡሳት ንኻልኦት ነገራት ሓዊሱ ኣገደስቲ ውሳኔታት ኣብ ምውሳድ ይሕግዘካ፣ ከምኡ እውን እትነብረሉ ጽቡቕ ቦታ ከም ዝህልወካ የረጋግጽን ትምህርቲ የዋድደልካን። እቲ ተኸላኺሊ ንኡሳት ኣብ እዋን መስርሕ ዕቑባኻ እውን ክሕግዘካ እዩ፣ እንተኾነ ግን እቲ ተኸላኺሊ ንኡሳት ኣብ ልዕሊ ውሳኔ ናይ IND ዋላ ሓንቲ ጽልዋ የብሉን። Nidos ነቶም ዕድመኦም ካብ 15 ዓመት ንታሕቲ ዝኾኑ ቆልዑት፣ ኣብ ናበይቲ ስድራታት ንኽቕመጡ መዕቆቢ የዋድደሎም። ከምኡ እውን ነቶም መንበሪ ፍቓድ ዘለዎም ቆልዑትን መንእሰያትን ኣብ መጠነ-ንኡስ መንበሪ ቤት መዕቆቢ የዋድደሎም። ብዛዕባ ሞግዚትን መዕቆቢን ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ካብ Nidos ክትቕበል ኢኻ። www.nidos.nl

**Centraal Orgaan opvang asielzoekers** (COA) ነቶም ኣብ ኔዘርላንድ ዝርከቡ ዕቑባ ዝደልዩ ሰባት፣ ኣብ እዋን መስርሕ ዕቑባ፣ መዕቆቢ ቦታን ምእላይን ከም ዝህሉው የረጋግጽ። COA ንዓኻ መግብን መድሕን ጥዕናን ከም ዝህልወካ እውን ይገብር። COA ምስ ዶክተር ኣብ ምርኻብ ክሕግዘካ እውን ይኽእል እዩ። COA ገለልተኛ ማለት ነጻ ዝኾነ ተቕዋም እዩ፣ ከምኡ እውን ብዛዕባ እቲ ዘመልከትካዮ ዕቑባ ኣይውስንን እዩ።
www.coa.nl

**GezondheidsZorg Asielzoekers** (GZA) ክትሓምም እንከለኻ ወይ ሕክምናዊ ሕቶታት ምስ ዝህልወካ እትኸዶ ውድብ እዩ። ኣብ ነፍስወከፍ መዕቆቢ ቦታ ናይ COA ወይ ኣብ ጥቓኡ፣ ሓደ ማእከል ክንክን ጥዕና ሓተትቲ-ዑቑባ GZA ኣሎ። GZA፣ ምስ ተሓጋጋዚ ሓኪም፣ ምስ ኣላዪት ሕሙማት፣ ምስ ምክትል ዶክተር፣ ምስ ክንክን ኣእምሮኣዊ ጥዕና (GGZ)፣ ወይ ምስ ሓፈሻዊ ክኢላ ሕክምና ቆጸራታት የዋድደልካ።
www.gzasielzoekers.nl

**VluchtelingenWerk Nederland** (VWN) ገለልተኛ ማለት ነጻ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ማሕበር እዩ፣ ከምኡ እውን ንረብሓታት ናይ ሓተትቲ ዕቑባ ንምርግጋጽ ዝቘመ እዩ። VWN ብዛዕባ መስርሕ ዕቑባ ዝምልከት ሓበሬታን መብርሂን ይህበካ። VWN ብዛዕባ ኣብቲ መስርሕ ትሓልፎም ነገራት ብውልቂ ይሕብረካን ይሕግዘካን፣ ምስ ካልኦት ውድባት ጸገማት ኣብ ዘጋጥመካ እዋን ድማ ከም መንጎኛ ይድግፈካ። ከምኡ እውን ኣብዚ መዳይ እዚ ምስ ጠበቓኻ ብቐረባ ይሰርሕ። VWN ብዛዕባ እቲ ዘመልከትካዮ ዕቑባ ኣይውስንን እዩ።
www.vluchtelingenwerk.nl
www.refugeehelp.nl

**Raad voor Rechtsbijstand** (RvR) ንስኻ ባዕልኻ ክትከፍሎ ዘይትኽእል እንተድኣ ኮይንካ፣ ናይ ጠበቓ ሓገዝ ከም እትረክብ ይገብር። ነዚ ዝገብረልካ ሓገዝ ብዝምልከት ድማ ቦርድ ሕጋዊ ሓገዝ (RvR) ነቲ ጠበቓ ክፍሊት ይኸፍሎ። እቲ ጠበቓ ናይ RvR ሰራሕተኛ ኣይኮነን። እቲ ጠበቓ ኣብ መስርሕ ዕቑባኻ ዝጣበቐልካ ገለልተኛ ማለት ነጻ ወሃቢ ሕጋዊ ኣገልግሎት እዩ።
www.rvr.org

**Immigratie- en Naturalisatiedienst** (IND) ክፋል ናይ ሚኒስትሪ ፍትሕን ጸጥታን እዩ። IND፣ ንስኻ ኣብ ኔዘርላንድ ዕቑባ ንኽትረክብ መሰል ዘለካ ምዃኑን ዘይምዃኑን ይምርምር። ስለዚ ብዛዕባ መንነትካ ብዝምልከት ምስ ሰራሕተኛታቱ ዝርርባት ኣለዉኻ። ከምኡ እውን ንምንታይ ኣብ ኔዘርላንድ ዕቕባ ከምዘመልከትካ እውን። IND፣ ንውልቃዊ ታሪኽካን፣ ነቲ ኣብቲ መበቆል ሃገርካ ዘሎ ኩነታትን ይምርምር። ብድሕሪኡ IND፣ ንስኻ ኣብ ኔዘርላንድ (ንግዜኡ) ክትጸንሕ ዝፍቐደልካ ምዃኑን ዘይምዃኑን ይውስን። www.ind.nl

ኣብ ህንጻታት ናይ IND፣ ከምኡ እውን ኣብ መዕቆቢ ማእከላት ናይ COA **ሓለውቲ ጸጥታ** ኣለዉ እዮም። ብዝለብስዎ መለለይ ክዳን ማለት ዩኒፎርም ከተለልዮም ትኽእል ኢኻ። ንሳቶም ንድሕንነትካ እዮም ኣብኡ ዘለዉ። ኣብቲ ህንጻታትን ቀጽሪታትን ናይ INDን COAን እንታይ ከምዝፍቀድን ከምዘይፍቀድን ክትሓቶም እውን ትኽእል ኢኻ። እዚኦም ሓለውቲ ጸጥታ ኣብቲ ብዛዕባ እቲ ዘመልከትካዮ ዕቑባ ብዝምልከት ዝውሰድ ውሳኔ ዋላ ሓንቲ ጽልዋ የብሎምን።

**Dienst Terugkeer en Vertrek** (DT&V) ክፋል ናይ ኔዘርላንድ ሚኒስትሪ ፍትሕን ጸጥታን ኮይኑ፣ ንናይ ኔዘርላንድ ናይ ምምላስ ፖሊሲ ንምፍጻም ሓላፍነት ኣለዎ። እንተድኣ እቲ ዘመልከትካዮ ዕቑባ ተነጺጉ፣ DT&V ምሳኻ ዝርርብ ከካይድ እዩ። ኣብ ሃገርካ ንዓኻ ዝበቅዕ መዕቆቢ ዘሎ ምዃኑን ዘይምዃኑን ገና ንጹር እንተድኣ ዘይኮይኑ ድማ DT&V ነዚ ክምርምሮ ይኽእል እዩ። እንተድኣ ናብ ሃገርካ ክትምለስ ዘለካ ኮይንካ፣ DT&V ጉዕዞኻ ኣብ ምውዳድ ይሕግዘካ።
www.dienstterugkeerenvertrek.nl

**Internationale Organisatie voor Migratie** (IOM) ኣብ ምሉእ ዓለም ንዝርከቡ ስደተኛታት ዝሕግዝ ገለልተኛ ውድብ እዩ። ባዕልኻ ንኔዘርላንድ ሓዲግካዮ ክትከይድ ምስ እትደልይ፣ IOM ክሕግዘካ ይኽእል እዩ። IOM ብዛዕባ ምምላስን ዳግመ-ውህደትን ብዝምልከት ተግባራዊ ሓበሬታ ይህበካን፣ ከምኡ እውን ካብ ኔዘርላንድ ናይ ምብጋስ ጉዕዞኻ ኣብ ምውዳድ ይመርሓካን። ብዛዕባ እዚ ንኽሕግዘካ፣ ንናትካ ተኸላኻሊ ንኡሳት ናይ Nidos፣ ንVWN ወይ ንጠበቓኻ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። www.iom-nederland.nl

## ካባኻ እንታይ ትጽቢት ይግበር?

ኣብ እዋን እቲ መስርሕ፣ ንምንታይ ዕቑባ ትሓትት ከምዘለኻ ክትገልጽ ኣገዳሲ እዩ። ከምኡ እውን ንዘለዉኻ ጸገማት ብዝምልከት ብዝተኻእለካ መጠን መረጋገጺ ንኽተቕርብ IND ካባኻ ትጽቢት ይገብር እዩ። ንኣብነት ብመንገዲ ሰነዳት ወይ ደብዳቤታት። ብተወሳኺ ብዛዕባ ስድራ-ቤትካ፣ ኣበይ ከም ዝነብሩን ንስኻ ንባዕልኻ ኣበይ ትነብር ከምዝነበርካን ኩሉ ክትነግር ኣገዳሲ እዩ።

ቅድሚ ናይ ምዝገባ ቃለ-መሕትት ምግባርካ፣ ብዛዕባ ምልኣኽ ሰነዳት ዝምልከት ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ካብ IND ተቐቢልካ ኣለኻ። ድሕሪ እቲ ናይ ምዝገባ ቃለ-መሕትት ምግባርካ፣ ነቲ ዘመልከትካዮ ዕቑባ ኣገዳስቲ ዝኾኑ ሰነዳት ተቐቢልካ ዲኻ? ነዚኦም ብኸመይ ንIND ክትህቦም ከም እትኽእል ኣብቲ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ተጠቒሱ ኣሎ።

ኣካላዊ ወይ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸገማት ኣለካ ድዩ፣ ከምኡ እውን IND ብዛዕባ እዚ ክፈልጥ ኣገዳሲ ድዩ? ስለዚ ብዛዕባ እዚ ብዝተኻእለ መጠን ብዝቐልጠፈ ናብ IND ሓብር። IND ብዝተኻእሎ መጠን ብግቡእ ክድግፈካ ክፍትን እዩ። ብኸምዚ ኣገባብ ነቲ መስርሕ ዕቑባ ክትቕጽሎ ትኽእል።

## ናይ መስርሕ ዕቑባኻ ቅድመ-ምድላው ምግባር?

ዕድመኻ ካብ 15 ክሳብ 18 ዓመት ድዩ? ድሕሪ መድረኽ-ምዝገባ፣ ብዕድመ ነኣሽቱ ዝኾኑ ሓተተ ዕቑባ ኣብ ዝቕመጥሉ ፍሉይ መዕቆቢ ማእከል ንኽትነብር COA ከዋድደልካ እዩ። ዕድመኻ ትሕቲ 15 ዓመት ድዩ? ስለዚ ኣብ ናባዪ ስድራ ንኽትነብር NIDOS ከዋድደልካ እዩ።

ድሕሪ መድረኽ-ምዝገባ፣ ናይ ዕረፍትን ምድላውን ግዜ (RVT) ይጅምር። ኣብ እዋን ናይ ዕረፍትን ምድላውን ግዜ (RVT) ብዛዕባ እቲ ዕቑባ ንምርካብ ዘቕረብካዮ ሕቶ ምኽንያትት ክትነግር ትኽእል ምኺንካን ዘይምኺንካን ንምግምጋም ሕክምናዊ መርመራ ይግበረልካ። ኣብ እዋን ናይ ዕረፍትን ምድላውን ግዜ፣ ብዛዕባ መስርሕ ዕቑባ ብዝምልከት ካብ VluchtelingenWerk (VWN) መብርሂ ክወሃበካ እዩ። VWN፣ ኣብዚ መስርሕ ዕቑባ ይሕግዘካን ይመርሓካን እዩ። እዚ ሓገዝ እዚ ብናጻ እዩ ዝወሃብ። መስርሕ ዕቑባኻ ቀቅድሚ ምጅማርካ፣ ምስ ጠበቓኻ ክትላለይ ኢኻ። እቲ ጠበቓኻ ነቶም ብዛዕባ ዕቑባ ዝምልከቱ ሕግታትን መምርሒታትን ይፈልጥዎም እዩ። ከምኡ እውን ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ኣብ ምድላው ይሕግዘካ። እዚ ምስ IND እትገብሮ ዝርርብ ኮይኑ፣ ንምንታይ ዕቑባ ተመልክት ከምዘለኻ እትነግረሉ እዩ። እቲ ካብ ጠበቓኻ እትረኽቦ ሓገዝ ብነጻ እዩ።

## መስርሕ ዕቑባ መዓልቲ ብመዓልቲ

ምስ IND ቆጸራ ኣብ ዘለካ መዓልቲ፣ ናብ ቤት-ጽሕፈት ናይ IND ክትከይድን፣ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ (AA) ክትጅምርን ኢኻ። ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ (AA) መብዛሕትኡ ግዜ 6 መዓልታት እዩ ዝወስድ። ካልእ ነዊሕ ግዜ ዝወስድ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ (AA+) እውን ኣሎ፣ እዚ መብዝሕትኡ ግዜ 9 መዓልታት ይወስድ። ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ (AA+)፣ IND ዝነውሐ ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ክህሉው ትጽቢት ንዝገብረሎም ወይ ዝያዳ መርመራ ክገብረሎም ንዘለዎ ናይ ዕቑባ ሕቶታት ዝዓለመ እዩ። ከምኡ እውን ነቶም ብሰንኪ ኣእምሮኣዊ ወይ ኣካላዊ ጸገማት፣ ዝያዳ ቈላሕታ ዘድልዮም ሓተተ ዕቑባ ዝዓለመ እውን እዩ። IND፣ ድሕሪ እቲ ናይ ዕረፍትን ምድላውን ግዜ (RVT)፣ ንስኻ ናብ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ (AA) ዲኻ ወይስ ናብ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ (AA+) ትኸይድ ይውስን። ኣብዚ ታሕቲ እቲ መስርሕ ዕቑባ መዓልቲ ብመዓልቲ ብኸመይ ከምዝካየድ ከተንብብ ትኽእል ኢኻ።

*ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ (AA)*

**1ይ መዓልቲ፡ ተወሳኺ ቃለ-መሕትት**
ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ምስ ሓደ ካብ ሰራሕተኛታት ናይ IND ዝህልወካ ዝርርብ እዩ። ኣብዚ ዝርርብ እዚ ብዛዕባ እቲ ዕቑባ ዘመልከትካሉ ምኽንያታት ብሰፊሑ ክትነግር ኢኻ። ኣብ እዋን እቲ ዝርርብ እውን IND ሕቶታት ክሓተካ እዩ። እቲ ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ኣብ ቤት-ጽሕፈት ናይ IND እዩ ዝካየድ። ኣብቲ ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ኣተርጓሚ እውን ኣሎ። IND ሕቶታት ብቛንቋ ኔዘርላንድ ይሓትት። እቲ ኣተርጓሚ ነዚኦም ሕቶታት፣ ናብቲ ንዓኻ ዝርድኣካ ቋንቋ ይትርጉመልካ። እቲ ኣተርጓሚ ንመልሲታትካ ናብ ቋንቋ ኔዘርላንድ እውን ይትርጉሞም። እቲ ኣተርጓሚ ገለልተኛ እዩ፣ ኣብ IND ዝሰርሕ ኣይኮነን፣ ከምኡ እውን ኣብቲ ብዛዕባ እቲ ዘመልከትካዮ ዑቑባ ዝውሰድ ውሳኔ ዋላ ሓንቲ ጽልዋ የብሉን። ኣገዳሲ፡ ንስኻን እቲ ኣተርጓሚን ብጽቡቕ ክትረዳድኡ ዘይትኽእሉ እንተድኣ ኮይንኩም፣ ብዛዕባ እዚ ብቐጥታ ሓብር። ስለዚ IND ካልእ ኣተርጓሚ ከዋድድ ክፍትን እዩ። ንስኻ እቲ ሕቶ ብግቡእ ስለዘይተረደኣካ፣ ዘይምርድዳእ ከይፍጠር ኣገዳሲ እዩ። IND ናይቲ ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ጸብጻብ የዳሉው።

ኩሉ ነገር ክትነግር ኣገዳሲ እዩ፣ ምእንቲ IND ዕቑባ ከምዘድልየካ ብግቡእ ክርድኦ። ብዛዕባ እቲ ዘጋጠመካ ነገራትን፣ ኣብ መበቆል ሃገርካ ድሕነት ክትረክብ ዘይከኣልካሉ ምኽንያታት እንታይ ምኺኖምን ብዝምልከት፣ ቅኑዕ፣ ምሉእን

ንጹርን ኩን። እንተድኣ ንዝተወሰነ ፍጻመ ብልክዕ ክትዝክሮ ዘይትኽእል ኮይንካ፣ ብዛዕባ እዚ ን IND ንገር። ሰራሕተኛታት ናይ IND ብዛዕባ እቲ ኣብ ሃገርካ ዘሎ ሓፈሻዊ ኩነታት ይፈልጥዎ እዮም። ብዛዕባ ናይ ባዕልኻ ኩነታት ክትዛረብ ኣገዳሲ እዩ፡ ስለምንታይ እዩ ውልቃዊ ድሕነት/ዕቑባ ዘድልየካ ዘሎ? ብዝተኻእለካ መጠን ብዙሕ ዝርርዝራት እውን ንገር፡ ዋላ ነኣሽቱ ነገራት እውን ኣገደስቲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። IND ብዛዕባ እዚ ሕቶታት ክሓተካ እውን እዩ።

ምስቲ ዕቑባ ንምርካብ እተመልክትሉ ዘለኻ ምኽንያት ዝተሓሓዙ በሰላታት፣ ኣካላዊ ወይ ኣእምሮኣዊ መጉዳእቲታት ኣለካ ድዩ? ስለዚ ብዛዕባ እዚ ንIND ክትነግር ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ IND ነቲ ኣመልኪትካዮ ዘለኻ ዕቑባ ንምግምጋም ሓጋዚ ኮይኑ እንተረኺብዎ፣ ሕክምናዊ መርመራ ንኽቕርበልካ ክውስን ይኽእል እዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ሕክምናዊ መርመራ ባዕልኻ (ብናትካ ወጻኢታት) እውን ክትገብር ትኽእል ኢኻ። ብዛዕባ እዚ ጠበቓኻ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ። ኣብቲ ዝመጻእካሉ ወይ ኣቐዲምካ ትነብረሉ ዝነበርካ ሃገር መን ክከናኸነካ ይኽእል ወይ ኣይክእልን እውን ኣብቲ ምስ IND እትገብሮ ዝርርብ ብንጹር ክትነግር ኣገዳሲ እዩ። ንምንታይ ከምኡ ኢልካ ከም እትሓስብ እውን ንIND ግለጸሉ።

መብዛሕትኡ ግዜ ጠበቓኻ ወይ ካብ NIDOS ዝመጽእ ናትካ ተኸላኻሊ ንኡሳት ኣብቲ ዝርርብ ምሳኻ ይኸውን እዩ። ኣብቲ ዝርርብ ምሳኻ ንኽህሉው ንVWN እውን ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ጸብጻብ ናይቲ ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ካብ IND ወይ ካብ ጠበቓኻ ክትቕበል ኢኻ።

**2ይ መዓልቲ: ምይይጥ ብዛዕባ ተወሳኺ ቃለ-መሕትት**

ጠበቓኻ ነቲ ጸብጻብ ናይ ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ምሳኻ ክመያየጠሉ እዩ።
ኣብዚ ዝርርብ እውን፣ ኣተርጓሚ ንኹሉ እቲ ንስኻን ጠበቓኻን እትብልዎ ብምትርጓም ይሕግዝ። እንተድኣ ዝኾነ ነገር ካብዚ ጸብጻብ ጎዲሉ ወይ ጌጋ ምስ ዝህልዎ፣ ጠበቓኻ ብዛዕባ እዚ ንIND ብደብዳቤ ይሕብር።

**3ይ መዓልቲ፡ ቀዳማይ ውሳኔ**

IND፣ ናይ ዕቑባ መንበሪ ፍቓድ ንምርካብ ነቲኦም ቅድመ-ኩነታት ተማልእ ምኳንካን ዘይምኳንካን ይግምግም። ውጽኢት ናይዚ ግምገማ፣ ናይ ዕቑባ መስርሕኻ ብኸመይ ከምዝቕጽል ይውስን። 3 ተኽእሎታት ኣለዉ፡

1. ናይ ዕቑባ መንበሪ ፍቓድ ንምርካብ፣ ነቲኦም ቅድመ-ኩነታት ተማልእ ኢኻ። ንስኻ (ብመንገዲ ጠበቓኻ) ናይ ዕቑባ ሕቶኻ ተቐባልነት ከምዝረኸበ ዝገልጽ ደብዳቤ ካብ IND  (= ውሳኔ) ትቕበል። እዚ ማለት ኣብ ኔዘርላንድ (ንግዜኡ) ምንባር ክትቕጽል ይፍቐደልካ ማለት እዩ። እዚ ንዓኻ እንታይ ሳዕቤናት ከምዘለዎ ጠበቓኻ ክገልጸልካ እዩ።
2. IND ንመርመራ ዝኸውን ተወሳኺ ግዜ የድልዮ፣ ከምኡ እውን ብዛዕባ እቲ ዕቑባ ንምርካብ ዘቕረብካዮ ሕቶ ኣብ ውሽጢ 6 መዓልታት (ወይ 9 መዓልታት ኣብ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ AA+) ክውስን ኣይክእልን እዩ። IND ነቲ ዕቑባ ንምርካብ ዘቕረብካዮ ሕቶ ኣብቲ ዝተናውሐ መስርሕ ዕቑባ የመስርሖ። ውሳኔ ናይቲ ዘመልከትካዮ ዕቑባ ድማ ድሒሩ ይስዕብ። ብዛዕባ እዚ ዝተናውሐ መስርሕ ዕቑባ (VA) ዝገልጽ ካልእ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ትወሃብ።
3. IND፣ ንስኻ ናይ ዕቑባ መንበሪ ፍቓድ ንምርካብ ነቲኦም ቅድመ-ኩነታት ከምዘይተማልእ ገምጊሙ። ንስኻ ካብ IND (ብመንገዲ ጠበቓኻ)፣ IND ነቲ ዘመልከትካዮ ዕቑባ ንኽነጽጎ መደብ ከምዘለዎ ዝገልጽ ደብዳቤ ትቕበል። እዚ ደብዳቤ ዝተሓሰበ-ውሳኔ ይበሃል። ኣብዚ ደብዳቤ ምኽንያታት ናይቲ ቀዳማይ ምንጻግ፣ እዚ ንዓኻ እንታይ ሳዕቤናት ከምዘለዎን እውን ተጠቒሱ ይርከብ። ጠበቓኻ ብዛዕባ እዚ ደብዳቤ ምሳኻ ክመያየጠሉ እዩ።

**4ይ መዓልቲ፡ ግብረ-መልሲ ናይ ውሳኔ፡ ርእይቶ**

እንተድኣ IND ነቲ ዘመልከትካዮ ዕቑባ ንኽነጽጎ መደብ ኣለዎ ኮይኑ፣ ብዛዕባ እዚ ዝተሓሰበ-ውሳኔ ምስ ጠበቓኻ ትዘራረበሉ። ብድሕሪኡ ጠበቓኻ ብጽሑፍ ርእይቶ ናብ IND ክልእኽ ይኽእል እዩ። እዚ ንስኻ ምስ ጠበቓኻ ብሓባር ብምኳን፣ ብዛዕባ እቲ ክውሰድ ዝተሓስበ ውሳኔ ናይ IND ወግዓዊ መልሲ እትህበሉ ደብዳቤ እዩ። ኣብዚ ደብዳቤ ንምንታይ ምስቲ ክውሰድ ዝተሓስበ ውሳኔ ዘይተሰማማዕ ምኳንካ ክትነግር ትኽእል።

**5ይን 6ይን መዓልቲ፡ ውሳኔ**

ናትካ ርእይቶ ድሕሪ ምንባብ፣ IND ነቲ ክውሰድ ዝተሓስበ ውሳኔ ከስተኻኽሎ ዘለዎ ምኳኑን ዘይምኳኑን ይግምግም። ውጽኢት ናይዚ ግምገማ፣ ናይ ዕቑባ መስርሕካ ብኸመይ ከምዝቕጽል እንደገና ይውስን። IND፣

ንውጽኢት ናይዚ ገምጋም ብመንገዲ ደብዳቤ ንጠበቓኻ ይሕብሮ። እዚ ንዓኻ እንታይ ሳዕቤናት ከምዘለዎ ጠበቓኻ ክገልጸልካ እዩ። 4 ተኽእሎታት ኣለዉ፡

1. ነቲ ናትካ ርእይቶ ድሕሪ ምንባብ፣ IND ንስኻ ናይ ዕቑባ መንበሪ ፍቓድ ንምርካብ፣ ነቲኦም ቅድመ-ኩነታት ተማልእ ኢኻ ዝብል ርእይቶ ክህልዎ ይኽእል። ንስኻ (ብመንገዲ ጠበቓኻ) ናይ ዕቑባ ሕቶኻ ተቐባልነት ከምዝረኸበ ዝገልጽ ደብዳቤ ካብ IND  (= ውሳኔ) ትቕበል።
2. ንዓኻ ኣብ ኔዘርላንድ (ንግዜኡ) ክትነብር ይፍቐደልካ። እዚ ንዓኻ እንታይ ሳዕቤናት ከምዘለዎ ጠበቓኻ ክገልጸልካ እዩ።
3. IND ንመርመራ ዝኸውን ተወሳኺ ግዜ የድልዮ፣ ከምኡ እውን ብዛዕባ እቲ ዕቑባ ንምርካብ ዘቕረብካዮ ሕቶ ኣብ ውሽጢ 6 መዓልታት (ወይ 9 መዓልታት ኣብ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ AA+) ክውስን ኣይክእልን እዩ። IND ነቲ ዕቑባ ንምርካብ ዘቕረብካዮ ሕቶ ኣብቲ ዝተናውሐ መስርሕ ዕቑባ (VA) የመስርሖ። ብዛዕባ እዚ ዝተናውሐ መስርሕ ዕቑባ ዝገልጽ ካልእ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ትወሃብ።
4. IND፣ ንስኻ ናይ ዕቑባ መንበሪ ፍቓድ ንምርካብ ነቲኦም ቅድመ-ኩነታት ከምዘይተማልእ ኣብ ርእይቶኡ ክጸንዕ ይኽእል። ንስኻ (ብመንገዲ ጠበቓኻ) ናይ ዕቑባ ሕቶኻ ከምዝተነጽገ ዝገልጽ ደብዳቤ ካብ IND  (= ውሳኔ) ትቕበል። ኣብዚ ውሳኔ ምኽንያታት ናይዚ ምንጻግን፣ እዚ ንዓኻ እንታይ ሳዕቤናት ከምዘለዎን እውን ተጠቒሱ ይርከብ። ምስቲ ምንጻግ ዘይትሰማማዕ እንተድኣ ኮይንካ እንታይ ክትገብር ከም እትኽእል እውን ኣብኡ ተጠቒሱ ይርከብ። ናብ ሃገርካ ንምምላስ እንታይ ክትገብር ከም እትኽእል እውን። ጠበቓኻ ብዛዕባ እቲ ውሳኔ ብዝምልከት ምሳኻ ይዘራረበሉ።

*ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ 9 መዓልታት (AA+)*

IND ነቲ ዘመልከትካዮ ዕቑባ ኣብ ሓፈሻዊ መስርሕ ዕቑባ (AA+) ድዩ ዘመስርሖ? ስለዚ እቲ ናይ ዕቚባ መስርሕካ መብዛሕትኡ ግዜ 9 መዓልታት ይወስድ።

- 1ይን 2ይን መዓልቲ: ተወሳኺ ቃለ-መሕትት፤
- 3ይን 4ይን መዓልቲ: ዝርርብ ብዛዕባ ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ምስ ጠበቓኻ፤
- 5ይ መዓልቲ: ቀዳማይ ውሳኔ፤
- 6ይን 7ይን መዓልቲ: ግብረ-መልሲ ናይ ውሳኔ (ርእይቶ) ብጠበቓ፤
- 8ይን 9ይን መዓልቲ፣ ካልኣይ ውሳኔ።

## ምስሓብ መመልከቲኻ

ኣብ ዝደለኻዮ እዋን ነቲ መመልከቲኻ ክትስሕቦ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ከምኡ ኩነታት ምስ ጠበቓ፣ ናይ NIDOS ተኸላኻሊ ንኡሳት ወይ IND ርክብ ክትገብር ተመራጺ እዩ። ነቲ መመልከቲኻ ካብ IND ሲሒብካዮ ኣለኻ ዲኻ? ስለዚ ድሕሪ ደጊም ኣብ ኔዘርላንድ ንኽትነብር ኣይፍቐደልካን እዩ። ብዘይካ ብኻልእ ምኽንያት ኣብዚ ንኽትነብር ዝፍቐደልካ እንተኾይኑ። ነቲ ዘመልከትካዮ ዕቑባ ስሒብካዮ ዲኻ፣ ከምኡ እውን ብኻልእ ምኽንያት ኣብ ኔዘርላንድ ክትጸንሕ ኣይፍቐደልካን ድዩ? ስለዚ ናብ ሃገርካ ክትምለስ ኣለካ። ክሳብ እቲ ናይ ምምላስ ጉዕዞኻ ዝጅምር፣ ኣብ መዕቆቢ በታ ክትጸንሕ ኢኻ። ነቲ ዘመልከትካዮ ዕቑባ ድሕሪ ምስሓብካ፣ እንደገና ከምብሓድሽ ዕቑባ ንምርካብ ከተመልክት ይከኣል እዩ።

## ድሕሪ መስርሕ ዕቑባ

## መንበሪ ፍቓድ ክትቅበል ኢኻ

IND ብዛዕባ እቲ ዘመልከትካዮ ዕቝባ ኣዎንታዊ ውሳኔ እንተድኣ ወሲዱ፣ ኣብ ኔዘርላንድ (ንግዚኡ) ምንባር ክትቕጽል ትኽእል ኢኻ። መንበሪ ፍቓድ ትቕበል። እንተድኣ ዕድመኻ 15 ዓመት ወይ ካብኡ ንላዕሊ ኮይኑ፣ ኣብ ሓደ ንእሽተይ መሳለጥያ መንበሪ ቤት ንኽትነብር Nidos ቦታ ከዋድደልካ እዩ። መንበሪ ፍቓድ ድሕሪ ምቕባልካ፣ IND ብዛዕባ መሰላትካን ግዴታትካን ክሕብረካ እዩ። ናትካ ናይ NIDOS ተኸላኻሊ ንኡሳት ከምኡ እውን ሰራሕተኛታት ናይ VWN፣ ናብ ዝተፈላለዩ ውድባት መንገድኻ ንኽትረክብ ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም።
ናብ ምምሕዳር ከተማ ኣብ እትግዕዘሉ እዋንን፣ ስራሕ ወይ ትምህርቲ ኣብ ምድላይን እውን ክመርሑኻ ይኽእሉ እዮም። ናትካ ናይ NIDOS ተኸላኻሊ ንኡሳት፣ ኣባላት ስድራኻ ንኽተምጽእ እውን ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።

## ናይ ዕቑባ መንበሪ ፍቓድ ኣይክትቅበልን ኢኻ

IND ነቲ ዘመልከትካዮ ዕቝባ ነጺግዎ ድዩ? ስለዚ IND ኣብ ሃገርካ ንዓኻ ዝበቕዕ መዕቆቢ ምህላዉን ዘይምህላዉን እውን ክግምግም ኣለዎ። ንኣብነት ብመንገዲ ወለድኻ፣ ኣባላት ቤተ-ሰብካ ወይ  ቤት መዕቆቢ። ንዓኻ ዝበቕዕ መዕቆቢ እንተሃልዩ፣ IND ናብ ሃገርካ ክትምለስ ከም ዘለካ ይውስን። IND ዕቝባ ከምዘይወሃበካ እንተድኣ ወሲኑ፣ ጽቡቕ መዕቆቢ ምህላዉን ዘይምህላዉን ገና ንጹርነት የለን ድዩ? ስለዚ IND ንኣገልግሎት ምምላስን ንቕሎን (Dienst Terugkeer en Vertrek - DT&V) ብቑዕ መዕቆቢ ብዝምልከት መርመራ ንኽገብር ይሓቶ። ኣብዚ መርመራ ምሉእ ብምሉእ ክትተሓባበር ድማ ካባኻ ትጽቢት ይግበር። እቲ መርመራ እንተነወሐ 1 ዓመት እዩ ዝወስድ። እቲ መርመራ ኣብ ምክያድ ዝርከብ ክሳብ ዝኾነ ኣብ ኔዘርላንድ ክትጸንሕ ትኽእል ኢኻ። ስለዚ ድማ ከም ትሕቲ ዕድመ መጠን ኣብ ንእሽተይ መሳለጥያ መንበሪ ወይ ኣብ ናባዪት ስድራ-ቤትካ ትነብር።

ንዓኻ ዝበቕዕ መዕቆቢ ከምዘየለ ንጹር እንተድኣ ኮይኑ፣ DT&V ንIND ይሕብር። ብድሕሪኡ ሓደ ናይ ዘይጥፍኣተኛ መንበሪ ፍቓድ ንውልቀ ትሕቲ ዕድመ ሓተትቲ ዕቝባ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። እዚ ድማ ኩሉ ግዜ ኣብቲ መርመራ ግቡእ ምትሕብባር ትገብር ምኺንካ ዝብል ቅድመ-ኩነት ተፈጻምነት ዘለዎ እዩ። ግቡእ ምትሕብባር ምስዘይትገብር፣ IND ንDT&V ኣብ ሃገርካ መን ክከናኸነካ ከምዝኽእል ንኽምርምር ዝያዳ ግዜ ክህቦ ይኽእል እዩ። ኣይትተሓባበርን ዲኻ፣ ከምኡ እውን መንግስቲ ኔዘርላንድ ናብ ሃገርካ ንኽመልሰካ ኣይሰለጦን ድዩ? ስለዚ ክሳብ 18 ዓመት እትመልእ ክንክን ክትረክብ ኢኻ። ብድሕሪኡ ኣብ ኔዘርላንድ ዘይሕጋዊ ትኸውን፣ ከምኡ እውን ናይ መዕቆቢ መሰል ትስእን። ናብ ቤት-ትምህርቲ ወይ ስራሕ ክትከይድ እውን ኣይፍቀደልካን እዩ።

እንተድኣ IND ነቲ ዘመልከትካዮ ዕቝባ ነጺግዎ፣ ኣንጻር እዚ ውሳኔ ምስ ጠበቓኻ ብምምይያጥ ናብ ናይ ኔዘርላንድ ቤት-ፍርዲ ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ። እዚ ማለት፣ ምስቲ ውሳኔ ናይ IND ዘይትሰማማዕ ምኻንካ፣ ብወግዒ ንቤት-ፍርዲ ትሕብር ማለት እዩ። እዚ ብቑዕ መዕቆቢን ናይ ዘይጥፍኣተኛ መንበሪ ፍቓድ ዝምልከት እውን ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ እዋን እቲ መስርሕ ይግባይ ኣብ ኔዘርላንድ ክትጸንሕ ዝፍቐደልካ ምኺኑን ዘይምኺኑን እውን ንቤት-ፍርዲ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ብዛዕባ እዚ ጠበቓኻ ክሕግዘካ እዩ። ብድሕሪኡ IND ንዝመልከትካዮ ዕቝባ ኣብ ዝወሰነሉ ግዜ፣ ንሕጊ ኔዘርላንድ ብግቡእ ተኸቲሉ ምኺኑን ዘይምኺኑን እቲ ዳኛ ቤት-ፍርዲ ክምርምሮ እዩ።

ዘመልከትካዮ ዕቝባ ድሕሪ ምንጻጉ፣ ንዓኻ ዝኸውን ግቡእ መዕቆቢ ብዝምልከት ጥራይ ኣይኮነን DT&V መርመራ ዝገብር። የግዳስ ንምብጋስ ንኽትዳሎው እውን ይሕግዘካ እዩ። ብዛዕባ እዚ ብዝምልከት እቲ ዘመልከትካዮ ዕቝባ ድሕሪ ምንጻጉ DT&V ምሳኻ ርክብ ክገብር እዩ። ንዓኻ ዝበቕዕ መዕቆቢ ተረኺቡ ድዩ፣ DT&V ንምምላስካ ብዝምልከት ኩሉ ነገር ኣዋዲዱልካ ድዩ? ስለዚ ምስ ሓደ ናብ ኣላዪኻ ወይ ናብ ቤት መዕቆቢ ዝወስደካ መራሓይ ብሓባር ናብ ሃገርካ ንኽትምለስ ትጓዓዝ። ካብ ኔዘርላንድ ንኽትውጽእ ኣይትተሓባበርን ዲኻ? ከምኡ ምስ ዝኸውን መንግስቲ ኔዘርላንድ ንኽትምለስ ከገድደካ ይኽእል እዩ። ስለዚ ብመራሓይ ናብ ሃገርካ ክሳብ እትውሰድ ተታሒዝካ ኣብ ቀይዲ ከም እትኣቱው ይግበር።

እንተድኣ ብወለንታ ማለት ብድልየትካ ናብ ሃገርካ ክትምለስ ደሊኻ፣ ምስ DT&V ወይ ኣህጉራዊ ማሕበር ስደተኛታት (Internationale Organisatie voor Migratie IOM) ርክብ ክትገብር ትኽእል ኢኻ። ብኸመይ ኣብ መርበባት-ሓበሬታታቶም ተጠቒሱ ይርከብ። ኣብኡ ብዛዕባ ምምላስ፣ ከምኡ እውን እንታይ ዓይነት ደገፍ (መሰረታዊ ናይ ምብጋስ ደገፍ ን/ወይ ናይ ዳግመ-ውህደት ደገፍ) ክትረክብ ከም እትኽእል እውን ሓበሬታ ከተንብብ ትኽእል ኢኻ። ንሳቶም ተግባራዊ ዝኾነ ሓበሬታ ክህቡኻን ኣብ ጉዕዞኻ ክሕግዙኻን ይኽእሉ እዮም። ኣብቲ ናይ COA መዕቆቢ ቦታ ናብ IOM ክትከይድ ትኽእል ኢኻ። ብዛዕባ ክህሉው ዝኽእል ምምላስን ደገፍን ሕቶታት

ምስ ዝህልወካ፣ ንVWN ወይ ካልኦት ውድባት እውን ክትረኽቦም ትኽእል ኢኻ። ድሕሪ መስርሕ ዕቑባ እውን፣ ደገፍን ሓበሬታን ንምርካብ ናብ ናትካ ናይ NIDOS ተኸላኺሊ ንኡሳት ወይ VWN ክትከይድ ትኽእል ኢኻ።

## ምምስራሕ ውልቃዊ ሓበሬታታት

ውልቃዊ ሓበሬታታት ብዛዕባኻ ዝምልከቱ ኩሎም ዓይነታት ሓበሬታታት እዮም። ኣብዚ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ዝሳተፉ ውድባት ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ኣለዉ። እዚኦም ውድባት ኣብ እዋን ናትካ ምምልካት፣ ምዝገባ ወይ ሕቶ፣ ውልቃዊ ሓበሬታታት የመስርሑ። ንሳቶም ውልቃዊ ሓበሬታታት ንኽትህብ ይሓቱኻ፣ ከምኡ እውን ኣድላይ እንተድኣ ኮይኑ ንኻልኦት ውድባት ወይ ሰባት እውን። እዚኦም ውድባት ንውልቃዊ ሓበሬታታትካ ይጥቀምሉን ይዕቅብዎን፣ ከምኡ እውን እንተድኣ ብሕጊ ዝግደዱ ኮይኖም ናብ ካልኦት ውድባት የመሓላልፍዎ። ነቶም ውልቃዊ ሓበሬታታትካ ዘመስርሑ ውድባት ዘለዎም ግዴታታት ብዝምልከት ኣብ ሕጋጋት ብሕትና ተጠቒሶም ኣለዉ። ንኣብነት ንሳቶም ንውልቃዊ ሓበሬታታትካ ብትኽክልን ብውሑስን ክሕዝዎ ኣለዎም። ኣብ ሕጋጋት ብሕትና መሰላትካ እውን ተጠቒሶም ይርከቡ። ብዛዕብኡ እንተድኣ ሓቲትካ፣ ንኣብነት እዞም ዝስዕቡ መሰላት ኣለካ፡

- ኣብቶም ውድባት ዘለዉ ውልቃዊ ሓበሬታታትካ ናይ ምርኣይ፤
- ኣየኖት ውድባት ንሓበሬታታትካ ይጥቀምሉን ንምንታይን ናይ ምፍላጥ፤
- ናብ ኣየኖት ውድባት ውልቃዊ ሓበሬታታካ ከምዝተመሓላለፈ ናይ ምፍላጥ።

ብዛዕባ ምምስራሕ ውልቃዊ ሓበሬታታትካን መሰላትካን ብዝምልከት፣ ተወሳኺ ክትፈልጥ ትደልይ ዲኻ? ስለዚ ኣብ መርበብ-ሓበሬታታት ናይቶም ውድባት ተመልከት።

## ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታት

**ኣነ መዓስ እየ ምስ IND ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ዝገብር?**
ከም ሓታቲ ዕቑባ ኣብ ፖሊስ ድሕሪ ምምዝጋብካ፣ ምስ IND ቀዳማይ ዝርርብ ንምግባር ትጽበይ። እዚ ናይ ምዝገባ ቃለ-መሕትት ተባሂሉ ይጽዋዕ። ብድሕሪኡ ነቲ ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ንምድላው እንተወሓደ 3 ሰምንታት ክህልወካ እዩ። ኣብ መዕቆቢ ቦታ ናይ COA ወይ ኣብቲ ዝናብየካ ስድራ፣ ካብ IND ዝርርብ ንኽትገብር ዝዕድም ደብዳቤ ክትቕበል ኢኻ።

**ካብ IND ውሳኔ ንምርካብ ክንደይ ዝኣክል ግዜ ክጽበይ ኣለኒ?**
እቲ መስርሕ ዕቑባ መብዛሕትኡ ግዜ 6 (AA) ወይ 9 (AA+) ናይ ስራሕ መዓልትታት ይወስድ። ኣብያተ-ጽሕፈት IND መብዛሕትኡ ግዜ ቀዳምን ሰንበትን ዕጹዋት እዮም፡ እዚኦም ናይ ስራሕ መዓልትታት ኣይኮኑን። ሓደ ሓደ ግዜ IND ኣብ ውሽጢ እዚ ግዜ ክውስን ኣይክእልን፣ ንኣብነት ኣብ እዋን እቲ መስርሕ ዕቑባ ስለ ዝሓመምካ። ከምኡ ምስ ዝኾውን፣ IND ነቲ መስርሕ AA ወይ AA+ ከናውሖ ይኽእል እዩ።

IND፣ ነቲ ዘመልከትካዮ ዕቑባ ኣብቲ ዝተናውሐ መስርሕ ዕቑባ ንኸመስርሖ ክውስን እውን ይኽእል እዩ። ስለዚ ብዛዕባ እቲ ዝተናውሐ መስርሕ ዕቑባ ዝገልጽ ሓበሬታ ዘለዎ ካልእ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ድማ ትወሃብ። IND ካብቲ ዕቑባ ንምርካብ ዘመልከትካሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ክንደይ ኣዋርሕ ክውስን ከም ዘለዎ ኣብ ሕጊ ተጠቒሱ ይርከብ። እዚ ሕጋዊ ናይ ውሳኔ ገደብ-ግዜ እዩ። እቶም ሕጋዊ ናይ ውሳኔ ገደብ-ግዜታት እንታይ ምዃኖም ኣብ www.ind.nl/beslistermijnen ወይ www.ind.nl/en/decision-periods ኣንብብ። ሓደ ሓደ ግዜ እቲ ናይ ውሳኔ ገደብ-ግዜ ክናዋሕ ይኽእል እዩ። እንተኾነ ግን IND ውሳኔ ንምውሳድ፣ ካብቲ ዕቑባ ንምርካብ ዘመልከትካሉ ዕለት ጀሚሩ ልዕሊ 21 ኣዋርሕ ክገብር ኣይፍቀደሉን እዩ።

IND ኣብ ውሽጢ እቲ ናይ ውሳኔ ገደብ-ግዜ ገና ውሳኔ ኣይሰደደልካን ድዩ? ስለዚ ብደብዳቤ ገይርካ፣ ነቲ ዘመልከትካዮ ዕቑባ ቀልጢፉ ንኽውስን ንIND ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ብዛዕባ እዚ ጠበቓኻ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።

**ኣነ ታሪኽ ዕቑባይ ንወዲ-ተባዕታይ ወይ ንጓል-ኣንስተይቲ ክነግር እየ ዝመርጽ። እዚ ይከኣል ድዩ?**
እወ፣ ብዛዕባ እዚ ኣብቲ ናይ ምዝገባ ቃለ-መሕትት (= ምስ IND ዝግበር ዝርርብ) ክትሕብር ትኽእል ኢኻ። ስለዚ IND ኣብ እዋን እቲ ተወሳኺ ቃለ-መሕትት ተባዕታይ ወይ ኣንስተይቲ ሰራሕተኛ፣ ከምኡ እውን ተባዕታይ ወይ ኣንስተይቲ ኣተርጓሚ/ት ከዳሉው ክፍትን እዩ።

**እንተድኣ ሓሚመ ወይ ነፍሰጾር ኮይነ እንታይ ክገብር ኣለኒ?**
እንተድኣ ሓሚምካ ወይ ነፍሰጾር እንተድኣ ኮይንኪ፣ ኣብ እዋን እቲ መርመራ ሕክምናዊ-ምኽሪ፣ ብዛዕባ እዚ ንነርስ ሓብር/ሪ። (ኣብቲ 'መስርሕ ዕቑባኻ ቅድሚ ምጅማሩ' ዝብል ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ተመልከት)። ብፍላይ ከምበዓል ዓባይ ሰዓል፣ ዓበቕ/ሓካኪን ወይ ወይቦ B ዝኣመሰሉ ተላባዕቲ ሕማም እንተድኣ ኣለካ ኮይኑ ወይ ኣለኒ እዩ ኢልካ ትሓስብ እንተድኣ ኮይንካ፣ ብዛዕባ እዚ ክትነግር ብተወሳኺ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ኹሉ እቲ ንነርስ እትነግሮ ነገራት ብምስጢራውነት እዩ ዝምስራሕ። ነርስ ብዛዕባ ጥዕናኻ ዝምልከት ሓበሬታ፣ ብዘይ ናትካ ፍቓድ ንኻልእ ኣካል ፈጺሙ ኣይትህብን እያ። እንተድኣ እታ ነርስ ንIND ክትሕብር ፍቓደኛ ኮይንካ፣ IND ነዚ ኣብ እዋን እቶም ዝግበሩ ቃለ-መሕትት ኣብ ግምት ከእትዎ ይኽእል እዩ። እንተድኣ ኣብ እዋን እቲ መስርሕ ዕቑባ ሓሚምካ፣ ብዛዕብኡ ንናትካ ናይ NIDOS ተኸላኻሊ ንኡሳት፣ ንሰራሕተኛ ናይ COA፣ IND ወይ VWN ሓብር። ግቡእ (ሕክምናዊ) ሓገዝ ንኽትረክብ፣ ንሳቶም ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም። እንተድኣ ኣብቲ ምስ IND ወይ ምስ ጠበቓኻ ዝርርብ እትገብረሉ ዕለት ሓሚምካ፣ ብዛዕባ እዚ ንIND ወይ ንጠበቓኻ ንኽሕብሩ ንናትካ ናይ NIDOS ተኸላኻሊ ንኡሳት ወይ ንሰራሕተኛ ናይ COA ሕተት።

**ነዚ ሓበሬታዊ-ጽሑፍ ድሕሪ ምንባብካ ገና ሕቶታት ኣለዉኻ ድዮም?**
ዘለዉኻ ሕቶታት ንጠበቓኻ ወይ ንሓደ ካብ ሰራሕተኛታት ናይ COA፣ IND ወይ VWN ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

**ጥርዓን ኣለካ ድዩ?**
ኩሎም ኣብ መስርሕ ዕቑባ ዝሳተፉ ውድባት፣ ብሞያዊ ውሕልነትን ብትኽክልነትን እዮም ዝሰርሑ። እንተኾነ ግን ብሓደ ውድብ ብግቡእ ኣይተተሓዝኩን ኢልካ ሓሲብካ ዲኻ? ስለዚ ጥርዓን ከተእትው ትኽእል ኢኻ። ናትካ ተኸላኻሊ ንኡሳት፣ ጠበቓኻ ወይ VWN ብዛዕባ እዚ ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም።


እዚ ሕታም ሓባራዊ ሕታም ናይዞም ዝስዕቡ እዩ፡
Afdeling Vreemdelingenpolitie, Identificatie en Mensenhandel (AVIM)
NIDOS
Centraal Orgaan opvang asielzoekers (COA)
Immigratie- en Naturalisatiedienst (IND)
Koninklijke Marechaussee (KMar)
Raad voor Rechtsbijstand (RvR)
VluchtelingenWerk Nederland (VWN)
Internationale Organisatie voor Migratie (IOM)
Dienst Terugkeer en Vertrek (DT&V)

ብዕማም ናይ፣
ሚኒስትሪ ፍትሕን ጸጥታን፣
ክፍሊ ፖሊሲ ፍልሰት
www.rijksoverheid.nl



ካብ ትሕዝቶ ናይዚ ሕታም ዝምንጩው ዝኾነ ይኹን መሰላት ንምርካብ ኣይከኣልን እዩ። እንተድኣ እቲ ትርጉም፣ ፍልልይ ኣተረጓጉማ ናብ ምህላው ኣምሪሑ፣ እቲ ሕታም ቋንቋ ኔዘርላንድ መሪሕ ይኸውን።